# ፊስቲቫልን ትርጉሙን።

ኣብ ተሞክሮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፌስቲቫል ብኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብሰናይ ተበግሶኦም ንተጋደልቲ ብጸቶምን ኣሕዋቶምን ንምሕጋዝን ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን እጃሞም ንምብርካትን ኢሎም ብብክፍለ-ዓለሙ ዘበጋገስዎ ቅዱስ ዕላም`ዩ ኔሩ። እቲ ዓቢ ዝና ዝነበሮን ሓያል ኣስተዋጽኦ ንብረታዊ ተጋድሎ ዝገበረን እቲ ኣብ ሃገረ ጣልያን ኣብ ቦሎኛ ዝበሃል ከተማ ኣበየ ዓመቱ ንኣብ ምሉእ ዓለምዝነብሩ ኤርትራውያን  ዘራኽብ ዝነበረ ፌስቲቫል ሓደ ካብቲ ኣብ ኣሜሪካን ኣውስትራልያን ኣብ ካልእን ዝግበር ዝነበረ ኢዩ።እዚ ንኤርትራውያን ብምእካብ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ሓደ ንእሽቶ ኤርትራዊ ቁሸት ይፈጥር ኔሩ።
ብ1991 መሬታዊ ናጽነት ኤርትራ ብመስዋእቲ ሕሩያት ደቃ ምስ ተረጋገጸ እቲ መሃንድስ ቶንኮል ዝኾነ ባዕሉ ዘለኣለማዊ ፕረሲደንትኹም`የ ዝብለና ዘሎ ኢሳያስ ንጥርናፈ ብዙሕ ዘበርከተ ሓፋሽ ውድባትን ንፌስቲቫል ቦሎኛን ንምብታንዩ ዝተጓየየ።
መተካእታ ናይ ቦሎኛ ኣብ ኣስመራ ኤክስፖ ክኸውን እኳ እንተተወሰነ ብምጣኔ ሃብታዊ ጠመተ ግና ኣበርክቶኡ ክንድቲ ናይ ቦሎኛ ስለ ዘይኮነ ኣስመራ ኤክስፖ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ፍራንክፈርት ኣብ ሎንዶን ዋሺንግቶን ጂዳ ኣውስትራልያ ወ.ዘ.ተ ክግበር ከምዘለዎ ድማ እንደገና ቶንኮል ተፋሕሰ።
ኣብ ፌስቲቫል ብድፍኑ ኣዎንታዊ ነገር የሎንኳ ክበሃል እንተዘይተኻእለ ብጠመተ ህ.ግ.ደ.ፍ ግን ንፍሉይ ዕላማ ዝጠመተ ጥራዩ።

<u>እቲ ቀዳማይ</u>

ምጣኔ ሃብቲ መኤከቢ እቲ ካልኣይ ድማ መሓሰዊ። ካብዘን ክልተ ነገራት ካልእ ኣሎ ዝብል እንተሎ ብጭብጢ ከርድኣኒ  ክሰምዕ ድሉው ኢየ።
እቲ ኣብ ፌስቲቫል ዝእከብ ገንዘብ  ውሑድ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘዛርብ ዘሎ ድማ ምብዝሑን ምውሓዱን ዘይኮነስ ኣበየናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ይውዕል`ዩ እቲ ብዕምቆትን ብዕግበትን ክዝረበሉ ዘለዎ።እምበር ዓመት መጸ ንመጨፍጨፊ ዜጋታትካ ዝኸውን ገንዘብ ንኽትከብን ንኣብ ልዕሊ መቓብር ስውኣት ክትስዕስዕን ኢልካ ዝግበር ጃህ-ጃህን ጊዜኡ ዝሓለፎ ተግባራት ዓያሹ ኢዩ።

<u>እቲ መሓሰዊ ተባሂሉ ዘሎ።</u>

እዚ እቲ ብዕምቆት ክትንተን ዝግብኦ ሕመረት ናይዚ ተቓውሞ ፌስቲቫል ኢዩ። ኣብ ብህ.ግ.ደ.ፍ ዝውደብ ፌስቲቫል ካብ ውሽጢ ሃገር ሰበ-ስልጠን ከም ክቡራት ዕዱማት ተረኺቦም ኅሮርኦም ክሳብ ዝልሕትት ዝሕሰውሉ ኩነት ኢዩ። ህዝቢ ናብ ዲሞክራስያዊ መሰላቱን ምዕባሌ ሃገሩን ከየስተባህልን ከይሓስብን መታን

ወያኔ ዓንቂፎምና!!
ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ደጊሞምና!!
ኤውሮጳዊ ሕብረት ተራኦም ኣይተጻወቱን!!
ባይቶ ጸጥታ ጸግዒ ወያኔ ወሲዶም!!

ክንደይ ኢልካ ክትጽብጽቦ !!  እቲ ገለ ትኣምራትን ለውጥን  ክሰምዕ ክጽበ ዝጸንሐ ወዲ ገርሂ ልባ ምምጽኡ ኣብ ዝጠዓሰሉ ክሳብ ዝበጽሕ ይጸምም።

ኣብዚ ሓንቲ ከም ኣብነት ትጥቀስ ጭብጥቲ ኣብነት ኣላ። መጣቓዕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ድሮ ናጽነት መበል 17 ዓመት ኣብ ኩሉ ዓለም ነታ ዕለት ዝምልከት ሰሚናር ኣብ ሓደ ጊዜ ክግበርዩ ዝብል ሓሶት ክነዝሑ ቀንዮም ኔሮም። እቲ ዝኣምንዎ መራሒኦም ግን ኣቀዲሙ ንዓታቶምእውን መስመሮም ዘስሓተ ቃለ ምልልስ ምስ ጋዜጠይና ሲኤን-ኤን ብቋንቋ እንግሊዝ ጌሩ ትዕቢቱ ምስ ዶርጎሖ እቲ ነገር እንዳበነነ ከይዱ።
ኣብ መዓልቲ ናጽነት ድማ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ብመካላኸሊ ጸሓይ መሬጸን ነዒንቱ ሸፊኑ ስርናይ ኣብ ዓለም ተደላይን ተኣፋፍን ዝኾነ እኽሊ እንዳ ኾነ ይመጽእ ኣሎ ስርናይ ከየፍረና ፓስታን ባኒን ክንበልዕ ምጽባይ ዕሽነትዩ ክብል ምስ ገንሔ ነዚ ክትጥሕና ትርህጻ ኮይኑ ነገሩ።
ስለዝኾነ እቲ ፌስቲቫል እውን ሓሶት ዝንዝሓሉ መድረኽ እምበር ትንቢታትካ ትሰምዓሉን ትመሃረሉን ርእይቶኻ ትሓተሉ ክፉት ክትዕ ዝካየደሉ ኣይኮነን። ምናልባት ንውሑዳት ዘዳለኻዮም እሙናትካ ሕቶታት ኣዳሊኻ ከምዝሓቱኻ ጌርካ ትቅርበሉን ምስሉይ መደናገሪ መልሲ ትህበሉን ትሽሕጠሉን ቶንኮላት ትኣልመሉን ክኸውን ይኽእል።

ብዘይካ እዚ ንመንእሰያት ከተታልለሉ ትኽእልን ገንዘቦም ክንስንሱሉ ዝኽእሉ መስተታት ቀሪብካ ኳይላ ኣዳሊኻ ኣብ ልዕሊ መቓብር ስድርኦም ከምዝስዕስዑ ቶንኮላት ከተዳሉ ይከኣል ይኽውን።እዚ ከኣዩ እቲ ክብዳህ ዘለዎ።
ሎሚ ህዝቢ እዛ ብሚእትታት ኣሽሓት ደቃ ዝተረኽበት ክብርቲ ሃገር ምስላ ተደዊኑ ብውሑዳት መለክቲ ዘይምሱል መሲላ ካብ ጎረባብታን ማሕበረሰብ ዓለምን ተነጺላ  እንዳረኤኻ ኣብ ዘይውክለካ ፈስቲቫላትን ኳይላን ከድካ ትዛነየሉ እዋን ኣይኮነን።
ሎሚ ንመሰልካ ትሓተሉ ፍረ መስዋእቲ ብሉጻት ደቀይ ኣቦታተይ ኣዴታተይ ኣያታተይ ሳንዳታተይ መሳቶይ ኣበይ ኣሎ ኢልካ ትቃለሰሉን ትሓተሉን እዋን እምበር ኣብ ዘይውክለካ ፌስቲቫላትን ኳይላን ከድካ ትሰኽረሉ ትስዕስዓሉ  ሓሶታት ንምስማዕ ትጻወረሉ ህሞት ኣይኮናን ዘለና።
ሎሚ ግዝኣት ምልኪ ተወጊዱ ብህዝቢ ዝተመርጹ ደቂ ህዝቢ ሃገሮም ንኽኣልዩን ከመሓድሩን ምቅላስ እምበር ሃግር ብደስ ክብለካ ዘውጻእካዮ ኣዋጃት ክትመሓደር ትጽመመሉ እዋን ኣይኮናን ዘሎና።ሎሚ ምግዛእና መታን ክጣጥሓሎም ብዝዘርእዎ መርዛም ፈለላይን በታንን ኩነታት መኪትና ንድሕነት ሃገርናን ህዝብናን እቶት ሓንቲ ግራትን ጸባ ሓንቲ ላምን ኮና እሂን ምሂን ተባሃሂልና ሓድነትና ነደልድለሉ እምበር ብዓዲ ብኽባቢ ወ.ዘ.ተ ንካሰሰሉ ህሞት ኣይኮናን ዘሎና።

ሎሚ ንሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ጸላኢኦም መን ሙኳኑ ዝተነጸረሉ እዋን ስለ ዝኾነ ንዑኡ ንምውጋድ ንሓብረሉን ኣብ ዑና ናቱ ሃግርና ንሃንጸሉ መድርኽ እምበር ብኋል ነገር ንስሓሓበሉ መድርኽ ኣይኮናን ዘሎና።

ሎሚ እዚ ዘይግበር እቲኦም ሰኒፎም እቲኦም ሓሚቆም ኢልካ ትካሰሰሉ እዋን ዘይኮነስ  ኣነ እንታይ ጌረ እንታይ ክገብር ኣሎኒ እንታይ ተሪፉኒ ኢልካ ንሕልናኻ ትሓተሉን ሕልናኻ ተባራብረሉ እዋንን ኢና ዘሎና።
ስለ ዝኾነ መሰል ትካቦ ኮይኑ ክትኮበልካ ኣይኮንካን ትጽበ ነቲ ዓፊኑ ሒዝዎ ዘሎ መኪትካ ኢኻ ትረኽባ።ስለ`ዚ ንበገስ። ንለዓል። እዚ ንዝጎደለ ካዝንኦም ንምምላእ ኢሎም ዝሳናደውሉ ዘለው ፌስቲቫል ብሕብረት ንኾንኖ ንቃወሞ ነፍሽሎ። ንሃገርን ህዝብን ስለ ዘይጠቅም።
ዓወት ንህዝባዊ ቃልሲ።

ህዝብናን እቶት ሓንቲ ግራትን ጸባ ሓንቲ ላምን ኮና እሂን ምሂን ተባሃሂልና ሓድነትና ነደልድለሉ እምበር ብዓዲ ብኽባቢ ወ.ዘ.ተ ንካሰሰሉ ህሞት ኣይኮናን ዘሎና። ሎሚ ንሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ጸላኢኦም መን ሙኳኑ ዝተነጸረሉ እዋን ስለ ዝኾነ ንዑኡ ንምውጋድ ንሓብረሉን ኣብ ዑና ናቱ ሃገርና ንሃንጸሉ መድርኽ እምበር ብኋል ነገር ንስሓሓበሉ መድርኽ ኣይኮናን ዘሎና። ሎሚ እዚ ዘይግበር

እቲኦም ሰኒፎም

እቲኦም ሓሚቆም

ኢልካ ትካሰሰሉ እዋን ዘይኮነስ  ኣነ እንታይ ጌረ እንታይ ክገብርከ? ኣሎኒ እንታይ ተሪፉኒ? ኢልካ ንሕልናኻ ትሓተሉን ሕልናኻ ተባራብረሉ እዋንን ኢና ዘሎና።

ስለ ዝኾነ መሰል ትካቦ ኮይኑ ክትኮበልካ ኣይኮንካን ትጽበ ነቲ ዓፊኑ ሒዝዎ ዘሎ መኪትካ ኢኻ ትረኽባ።ስለ`ዚ ንበገስ። ንለዓል። እዚ ንዝጎደለ ካዝንኦም ንምምላእ ኢሎም ዝሳናደውሉ ዘለው ፌስቲቫል ብሕብረት ንኾንኖ ንቃወሞ ነፍሽሎ። ንሃገርን ህዝብን ስለ ዘይጠቅም።
በንጻሩ ኣብቲ ነዚ ፌስቲቫል`ዚ ንምቅዋም ብሃረ-ጀርመን ደረጃ ንዕለት 12/07/08 ተዳልው ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ ንምክፋል ንበገስ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ነድምቆ። ከምዚ ምግባር ምስ ዘይንኽእል ድማ ናብቲ ፌስቲቫል ኣይንኺድ።

ዓወት ንህዝባዊ ቃልሲ።
ዘለኣለማዊ ክብሪ ንስውኣትና።
ዓ.ብርሃነ